St. Justin de Jacobis
Kath. Geez Ritus Gemeinde
Mühlrain 51
D-70180 Stuttgart

2024 ነንብብ ክንዕንብብ Nr.128

# „እመ እግዚኣብሔር ፀባዖት“

እኖና ድንግል-ማርያም፦ ፈጣሪና ዚዓርፈላ፡ ምድራዊት ፀባዖትን፡ ጕምጃ ወርቅን፡ መሶበ-ወርቅን፡ ደብተራ ወይ ሰቀላ፡ (Tabernacle)፡ ወይ'ውን ከም መጽለሊ ተንዳ'ያ ተመሲላ እትርከብ። ዚቀደሙ ሕዝበ-ዕብራውያን ወይ'ውን ደቂ ነገደ-ያዕቆብ (እስራኤላውያን) ኣነባብራ ሰበኽ-ሳግም ኪነብሩ ኣብ ዚነበሩሉ ኣዝማናት፣ ያህወ (እግዚኣብሔር) ኣብ ማእከሎም ዚቕመጠሉ ንዚነበረ ቅዱስ-ቤት፣ ብወርቅን፡ ክቡር ኣቕሑትን ገይሮም ቀጥታ እግዚኣብሔር ብዝመርሖም ትእዛዝ የሰናድውዎ ከም-ዚነበሩ ኣብ'ቲ ብሂለ-ታሪኽ ብሉይ-ኪዳን ናይ ጽሑፈ ሓሙሻይ መጽሓፈ-ሙሴ (ዘጸኣት፡26=1-14) ተተንቲኑ ይርከብ። ኣብ ሰብኣዊነት ድንግል-ማርያም፣ ማለት፦ እግዚኣብሔር ኣብ ማሕፀና ጥራሕ ሓዲሩ ኣይ-ነበረን። እንታይ-ድኣ፧ ምስ ሥጋኣ ተወሃሂዱ ኣካላ ኰይኑ ኪውለድ ተረኺቡ። በዚ ኸዓ፡ እታ ደብተራ (ሰቀላ) ፍጽምት ኰይና ዚተረኽበት ወላዲተ-ኣምላክ፣ ነቲ ዘመነ-ሰበኽ-ሳግምነት ሕዝበ-እስራኤል ዘዘኻኽር ኰይኑና ይርከብ። ኣምላኽ ምስ ነጋዳይ ዚኾነ ሕዝቡ ናብ'ታ ምድረ-ተስፋ ዚኾነት ምድረ-ከነዓን ገጹ ይሳግም ከም-ዚነበረ ይሕብር። እታ ዘመናዊት ዚኾነት ምድራዊት ቤተ-ክርስትያን፡ ከም ዚቀደሙ ሕዝበ-እስራኤል፡ ነጋዶን፡ መረሽትን፡ ኰይኖም ኣብ'ዛ ምድራዊት ዚኾነት ጋሻ-ዓለምና ንኪነብሩ መጸዋዕታ ተገይሩላ ይርከብ። እቲ ተምሳል ኰይኑ ከም መጽለሊ ዚግለጽ ህልውና እኖና-ድንግል-ማርያም ከዓ፡ ነቲ ንነፍሲ-ወከፍ ክፍልፋል-ዓለምና፣ እሞ ኸዓ ሓላፊ ንዚኾነ መራሺ ርካብ ዘመልክት'ዩ። ንነፍሲ-ወከፍ ውሉደ-ኣዳም ብፍላይ ከዓ ንውሉደ-ክርስትያን ንዚኾነ ምእመን፣ እቲ ክፋላት ዓለምና እንብሎ ግዙፍ ርካብ፦ ጓና ዚኾነ ተረኽቦ'ዩ። ምኽንያቱ ከዓ፦ በቱይ ምልኣተ-ልቦናና ኣቢልና፡ ዘለዓለማዊ ሃገርናን፡ መነባበሪ ቤትናን፡ ኰይኑ ዚርከበልና ቦታ እንተ-ሃልዩ፣ እታ „ሰማያዊት ኢየሩሳሌም“ ዚተሰምየት ቦታ ጥራሕ ኰይና ስለ-እትርከብ እዩ። ኣብ'ዙይ ተሊምናዮ እንርከቦ ሓዲስ-ዘመን፣ ዕለታት ታሪኽ-ድሕነት ከም-ዘሎና ድጕማ ኣብ እንገብረሉ መንፈሳዊ-ጉባኤና፣ ነታ መድሕን-ክርስቶስ ኣብ ማእከል ማሕበረ-ሰባትና ንክውለድ ዕድል ብምሃብ፣ „እወንታዊነታ“ ክትገልጸልና ንዝተረኽበት „ድንግል-ማርያም“ መላሊስና ንክንዝክራ፣ ዕብየታ ናብ ኣደባባይ ንክንእውጆን፡ ንክነጋልጾን፣ ናይ ሎሚ ሓለፍነትና'ዩ። በዚ ኸዓ እዛ „ጓል ዘርኢ-ዳዊት“ ዚኾነት ንጽሕተ-ንጹሓን ድንግል-ማርያም፦ „ደብተራ፣ መጽለሊ-ተንዳ“፣ ናይ'ቲ ልዑል ዚኾነ ኣምላኽና ንናይ-ምኻና ኩነት ተገንዚብና፣ ወትሩ ኣብ ከለላን፡ ሓገዝን፡ እሙናት-ደቃ ተዋፊራ ከም-ዘላ ክንኣምነላ ከም-ዘሎና ምፍላጥ የድልየና። ሃገረ-ተስፋና ንክንበጽሕ ኣብ እንምርሽሉ ጕዕዞን፣ ምድራዊ ንግደትና ናብ ሽቶኡ ንክንሰርዕ ኣብ እነሰላስለሉ ሰዓታትን፡ ወትሩ፣ እዛ እምንቲ እኖ ዚኾነትና ድንግል-ማርያም፦ ነቶም ንንግደት ንዝተሰለፍና ውሉድ፣ ናብ'ታ ሓቀኛ „ሃገረ-ተስፋ“ እሞ ኸዓ „መንግሥቲ-እግዚኣብሔር“ ናብ ዚኾነት ሰማያዊት-ቤት ንክተሰንየና ከም-እትርከብ ዋዕ ኢልና እንምስክረሉ ጭቡጥ ዕዮ ከም-ምኻኑ ምርግጋጽ'ዩ። እቶም ዚቀደሙ ኣበውና፡ ሓላፍነታዊ ሰኽሚ ተሰሚዑዎም፡ ኣብ'ቲ ብግዙፍ ቴንዳ ዚተሰናድአ መጽለሊ-ዚኾነ ቅዱስ-ቦታ ተጋቢኦም፣ ቃል-እግዚኣብሔር ካብ ዚሓዘ-መጻሕፍቲ ሙሴ (ቶራሕ-Torah) ተገንጺሉ ካብ'ቲ ቅድስተ-ቅዱሳን ዚኾነ ቦታ ከም-መስዋዕትን፡ መንፈሳዊ-መግብን፡ ንምእንቲ ኪኾኖም ይንበበሎም ነበረ። እዚ ተግባር'ዚ፡ ከም-ዚኸበረን፡ ናብ ሰማየ-ሰማያት ዚተኸኽን-ኣቕሓ ናይ እምነቶም ኰይኑ ከዓ ይርኤ ነበረ። ብሓቂ፦ ኣብ ዘመነ-ድሕነት ዚኾነ ዘመና እንምልከቶ ሕያው-ርካብና ከዓ፣ እዙይ ኣብ'ዚ ዕለታት ናይ ዘመነ-ልደተ-ክርስቶስ ኢልና ኣብ እነብዕሎ ዘሎና ሃዋሁው ዚተለገሰልና ሓቀኛ ዚኾነ ህያበ-ድሕነት ካብ ፈጣሪና ስለ-ዚኾነ፣ ክንኣምነሉን፡ ክንዓየሉን፡ ክንምገበሉን፡ ከም-ዚግብኣና ንምትሕስሣብ'ዩ። እታ ከም-መርከብ ኖህ እትምሰል እኖና ድንግል-ማርያም፣ እውነተኛ ዚኾነት መርከበ-ድሕነት ብምኻና፣ ነቲ ድሕነት ንክእውጅ ባህርየ-ትስብእትነት ንዚለበሰ መድሕን ክርስቶስ፣ ኣብ ማሕጸና ቦታ ንክተሰናድወሉ እሞ ኸዓ ንምልክት ጥራሕ ዘይ-ኮነስ ከም-ኣምላኽነቱ ኣብ ማሕጸና ባህርይ-ትስብእትነት ንኪለብስ ድልውቲ ኰይና ተረኺባ። እዚኣ ከዓ'ያ እታ ፍቕርቲ እኖና ቢልና እንጽውዓ ዘሎናን፣ ገና'ውን ንመዋዕል-መዋዕልና እወ ናይ ብሓቂ ንስኺ ኢኺ እናበልና፣ ናይ እኖነት ልዑል-ክብሪ ክነወፍየላ፣ ንሳ ኸዓ መማለዲትን፡ ታታዪትን፡ ኰይናትልና ክትነብር ዘለዋ። በረከታ ኣይ-ይፈለየና። ኣሜን።

ኣባ ዮሴፍ በየድ ኣወድ/Abba Yosieph Beyed Awod: